BETALNINGSHJÄLPEN

ቁጠባዊ ኩነታትን መነባብሮን ሽወደን

እቶም ናብ ሽወደን ሓደሽቲ መጻእቲ ዝኾኑ ሰባት ብዙሕ ክንሓስበሉ ዘሎና ነገራት ኣሎ። ሓንቲ ኻብተን ኣብ ዓለም ዘለዋ ኣዝየን እተራኸባን ብዲጂታላዊ ኣሰራርሓ እተኣሳሰራን ሃገራት ከም ምዃናን መጠን ኣብዚ ሎሚ ዘሎ ሕብረተሰብ ንኽትዓዪ ሰለስተ ኣገደስቲ ናይ ባንክ ኣገልግሎታት ክትረክብ የድልየካ: ናይ ባንክ ሕሳብ: ባንክ ካርድን ኣብ ኢንተርነት ናይ ባንክ ኣገልግሎት ናይ ምጥቃም ዕድል ምህላውን።

ደሞዝካ ወይ ካልኦት ሓገዛት ምእንቲ ክኽፈለካ ኣብ ሕሳብካ ኣታዊ ንኽግበረልካን ናይ ባንክ ሕሳብ የድልየካ። ናይ ባንክ ካርድ ካብ ማሽን ጥረ ገንዘብ ንምውጻእ ወይ ኣብ ድኳናት ንምኽፋል ከም ዝቐልል ይገብሮ። ብኢንተርነት ባንክ ኣቢልካ ዚግበር ናይ ባንክ ምንቅስቓስ ብዛዕባ ቍጠባኻ ሓፈሻዊ ሓበሬታ ንኽትረክብን ወጻኢታትካ ብኢንተርነት ንኽትከፍልን ቀሊል ይገብሮ።

መሰረታዊ
ናይ ባንክ ሕሳብ
ንብሕታዊ ኩነታት ቁጠባኻ ኽትቈጻጸሮ ክትኽእል ናይ ባንክ ሕሳብ ኪህልወካ ኣለዎ። እዚ ድማ ናይ ደሞዝ ሕሳብ ናይ ብሕቲ ሕሳብ ወይ ናይ ውልቂ ሕሳብ ዝኣመሰለ እተፈላለየ ነገራት ተባሂሉ ክጽዋዕ ይኽእል ኢዩ ። እቲ ስም ብዙሕ ኣየገድስን ኢዩ እቲ ዘገድስ ግን ነዚ ዝስዕብ ኣገልግሎታት ናይ ምርካብ ዕድል ምርካብ ኢዩ -

- ከም ደሞዝ ወይ ሓገዛት ዝኣመሰለ ናብ ሕሳብካ ምውራድ
- ብባንክ ብምትሕልላፍን ብቐጥታ ዕዳ ብምኽፋልን ዚኽፈል ክፍሊት
- ምውጽእ ጥረ ገንዘብ

*Autogiro(ኣውቶጂሮ)*
*ኣውቶጂሮ ብቐጥታ ዘለካ ወጻኢታትካ ኽትከፍል ከለኻ ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊት ዋላ ሓንቲ ምግባር ከየድልየካ እቲ ብተደጋጋሚ እትኸፍሎ ኽፍሊት ብኡንብኡ ካብ ሕሳብካ ይንኪ ማለት እዩ። እዚ ምእንቲ ኺዓዪ ፈለማ ነቲ ባንክ ፍቓድካ ኽትህቦ ኣሎካ፣ እዚ ኸኣ ቀጥታዊ ምኽፋል ዕዳ ዚብሃል ትእዛዝ እዩ። ከምዚ ኺበሃል ከሎ እተወሰነ ኽፍሊት ካብ ሕሳብካ ኺንኪ ተሰማሚዕካ ማለት እዩ ።*

ባንኪ ካርድ
ነቲ ሕሳብካ ብውጽኢታዊ መገዲ ኽትቈጻጸሮ እንተ ደሊኻ ካርድ ባንክ እውን የድልየካ እዩ። ነታ ካርድ ክትከፍለላ ወይ ጥረ ገንዘብ ከተውጽእ ኸለኻ ካብቲ እቲ ካርድ ምስኡ እተተሓሓዘ ናይ ባንክ ሕሳብ ገንዘብ ይንከ። ብካርድ ጌርካ ነዚ ዚስዕብ ነገራት ክትገብር ትኽእል ኢኻ፡-

- ኣብ ድኳናት ገንዘብ ምኽፋል
- ብኢንተርነት ኣቢልካ ኽትከፍል
- ካብ ናይ ATM ጥረ ገንዘብ ምውጻእ

*ናይ ኢንተርነት ባንክ*
*ንኣብነት ንክራይ ገዛ ንኤለክትሪክ ከምኡውን ንተሌፎን ወጻኢታትካ ኽትከፍል እንተ ደሊኻ ብቐሊሉ ብኢንተርነት ኣገልግሎት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብኢንተርነት ባንክ ክትጥቀሙ ኸለኹም ነዚ ዚስዕብ ነገራት ክትገብር ትኽእል ኢኻ ፡-*

- ህልው መጠን ሕሳብካ ርአን ብዛዕባ ቍጠባኻ ሓፈሻዊ ገምጋም ርኸብ
- ወጻኢታትካ ምኽፋል

DigitalTalk

- ገንዘብ ምስግጋር ናብ ናይ ካልእ ባንኪ ሕሳብ
- ኤለክትሮኒካዊ መንነት ርኽብ

ኤለክትሮኒካዊ መንነት
ኤለክትሮኒካዊ መንነት ወረቐት ምርካብ ንመዓልታዊ ገንዘብካ ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ኽትቈጻጸሮን ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትካን ኣብ ሕብረተሰብ ኣድላዪ ኣገልግሎት ብቐሊሉ ንኽትረክብን ዘኽእለካ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ ። ኣብ ሽወደን ባንኪኣይዲ(BankID) ብቐዳምነት ኣብ ኣገልግሎት ይውዕል ። ኤለክትሮኒካዊ ሰነድ መንነት ምስ ፓስፖርትን ፍቓድ መምርሒ ተሽከርካሪት ዚመሳሰል እዩ፣ ሙብዛሕትኡ ግዜ ኸኣ ኣብ ሞባይል ተሌፎንካ (ሞባይል ባንክኣይድ) ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፣ ኰይኑ ግና ኣብ ኮምፒዩተርካ ኽትጥቀመሉ ወይ ምስ ናይ ባንክ ውሕስነት ዱሳ መሳርሒኻ ከተራኽቦ ትኽእል ኢኻ። ናይ ባንክ ዱሳ ካብ ባንክካ ኽትረኽቦ እትኽእል ናይ ውሕስነት መሳርሒ እዩ። ኣብ ናይ ኢንተርነት ባንክ ክትኣቱ ኽለኻ ንምእታውን ኣብ ውሽጢ ናይ ኢንተርነት ባንክ እተፈላለየ መዝነትን ፍቓድን ንምፍራምን (ተቐባልነት/ኪታም) ኣገልግሎታት ንምጥቃምን የገልግል ኢዩ።

ንኣብነት ባንክID ስምምዓት ንምፍራም ቆጸራታት ንምግባር መመልከቲ ወረቓቕቲ ምምላእን ንምዕዳግ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ምስ በዓል መዚታት ሽወደን ኣብ ዘሎካ ርክብ እውን ባንክኣይዲ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ዝኾነ ይኹን ሽወደናዊ መለለዩ ቁጽሪ ዘለዎን ሰብ ዓሚል ኣብ ሓደ ኻብቶም ባንክኣይዲ ዚዝርግሑ ባንክታት እዩ ከም ፓስፖርት ሽወደናዊ ወይ ሃገራዊ መንነት ካርድ ዝኣመሰለ ተቐባልነት ዘለዎ ሰነድ መንነቱ ድማ ኪገልጹ ዘኽእል ሒዙ ብምቕራብ ባንኪኣይዲ(BankID) ከውጽኡ ይኽእሉ እዮም።

ካልእ ኣማራጺ ባንክኣይድ ከኣ ፍረያ ኣይዲ(Freja Id) ኢዩ ። ሽወደናዊ ናይ ባንክ ሕሳብ ከይሃለወካ ብናጻ ኽትረኽብዎ እትኽእሉ ብመንግስቲ እተደገፈን ፍቑድን ናይ ሞባይል ኤ-መንነት እዩ። ፍሪያ ኣይዲ ኣብ ሞባይል ተሌፎንካ ኽም ኣካላዊ መንነት ጌርካ ኽትጥቀመሉን ኣብ ኢንተርነት ናብ ልዕሊ 300 ኣገልግሎታት ክትኣቱን ትኽእል ኢኻ። እቲ ኣብ እዋን ምዝገባ እትህቦ ሓበሬታ ናይ ኤለክትሮኒካዊ መንነት ካርድ ንምድላው የገልግል እዩ። ከምዚ ኺበሃል ከሎ ኣብ ሞባይል ተሌፎንካ ኣብ ክንዲ ብኣካላዊ ካርድ መንነትካ እትምዝገብ ብፍሪያ ጌርካ መንነትካ ኽተረጋግጽ ትኽእል ማለት እዩ ።

ናይ ኤለክትሮኒካዊ መንነት ካርድታት ምንጽጻር - ባንክኣይድን ፍረያ ኣይድን

ባንኪኣይዲ(*BankID*)
*ብናይ ባንክ ኣይዲ ኤለክትሮኒካዊ መንነት ካርድ ጌርካ መንነትካ ብቐጥታ ኣብ ሞባይልካ ኽትረኽቦ ትኽእል ኢኻ፣ እዚ ኸኣ ካብ ቅድሚ ሕጂ ብዝያዳ ዜተኣማምን ግናኸ ምቹእ ይገብሮ። መንነትካ ከተርኢ እንተ ደሊኻ ነቲ ኣፕሊኬሽን ከፊትካ ነቲ ቐሊል ስጉምትታት ስዓቦ። ነዚ ናይ ኤለክትሮኒካዊ መንነት ካርድ እዚ በቲ ሽወደናዊ ፓስፖርትካ ወይ ብሃገራዊ ካርድ መንነትካ ጌርካ በቲ ኣብ ኣፕሊኬሽን ዘሎ ሒደት ቀሊል ስጉምትታት ከተንቀሳቕሶ ትኽእል ኢኻ።*

*Freja eID(ፍረይ ኣይዲ)*

*ብተወሳኺውን ፍሪያ ኤኣይዲ ንኣጠቓቕማ ምቹእን ተዓጻጻፍን ዝኾነ ናይ ኤለክትሮኒካዊ መንነት ካርድ ኮይኑ የገልግል እዩ። ክትምዝገብ ከለኻ መንነትካ ዘርኢ ስእልኻ ብቐጥታ ባዕልኻ ትወስድ፣ እንተ ደሊኻ ኽትልውጦ እትኽእል ስእሊ ድማ ትወስድ። ፍሪያ ኣይዲ ኣብ ኢንተርነት ኣብ ዚርከብ እተፈላለየ ኣገልግሎታት ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ ፣ እዚ ኸኣ ንብዙሓት ተጠቀምቲ ግብራዊ ኣማራጺ እዩ ።*

*ሓደ ኣገዳሲ ነገር ብዛዕባ ኤለክትሮኒካዊ መንነት ወረቐት ክትዝክሮ ዘሎካን ኣብ ግምት ከተእትዎን ዘለካ ኣገዳሲ ነገር ካልእ ሰብ ምስ ብሕታዊ ኮድካ ንምክፋል ወይ ብምእታው ናብ ባንክኣይድካ ኺትኣቱ ምስ እትሕተት ብፍጹም ከተፍቅድ ከም ዘይብልካ እዩ። ልክዕ ከምቲ ፓስፖርትካ ንዘይትፈልጦ ሰብ ፈጺምካ ዘይትህቦ።*

*ገለ ሰባት ብምድዋል ኤለክትሮኒካዊ መንነትካ ንምጥቃም ምስ እትደፋፋእ ኣይትጠቐም። እቶም ብባንክ ኣይዲ ኣገልግሎት ዚህቡኻ በዓል መዚታት መንግስቲ :ባንክታት: ፖሊስ ወይ ኩባንያታት ወይ ተመሳሰልቲ ብቴለፎን:ኤስ.ኤም.ኤስ ወይ ኢ-መይል ብምርካብ ብባንክ ኣይዲ ክትፍርም ኣይሓቱኻን እዮም። በቲ ኻልእ ሸነኽ ግን ንስኻ ባዕልኻ እንተ ተራኺብካ መንነትካ ንምርግጋጽ ክትሕተት ትኽእል ኢኻ ።*

ክፍሊታት
ሓደ ነገር ክትዕድግ ከለኻ ብእተፈላለየ መገዲ ኽትከፍል ትኽእል ኢኻ። ብቐጥታ ብሰናቲም ወይ ኣቕራሽ ኽትከፍል ትኽእል ኢኻ። ብጥረ ገንዘብ ምኽፋል ማለት እዩ። ብካርድ ክትከፍል ትኽእል ኢኻ ኣብ ሽወደን ከኣ ገለ እተፈላለየ ዓይነት ካርድታት ኣሎ -

ኣቐዲምካ ገንዘብ እተመልእ ካርድ (ቅድሚ ምኽፋልካ ዚኽፈል ካርድ )
እዚ ካርድታት እዚ ልክዕ ከምቲ ቕድሚ ምጥቃምካ ገንዘብ እተቐምጠሉ ዘሎካ ማሕፉዳ እዩ። ምስ ዝኾነ ይኹን ናይ ባንክ ሕሳብ ዘይተሓሓዝ እኳ እንተ ኾነ ኣቐዲምካ ግና ብገንዘብ ኢኻ እትመልኦ ። ልክዕ ከም ናይ ባንክ ካርድ ኢዩ ምስ ዝኾነ ናይ ባንክ ሕሳብ ግን ምትሕሓዝ የብሉን ።

*ካርድ ባንክ*
*ዴቢት ካርድ ንምርካብ ኣብ ባንክ ሕሳብ ኪህልወካ ኣለዎ ። ብክረዲት ካርድ ክትከፍል ከለኻ እቲ ገንዘብ ብቐጥታ ኻብ ናይ ባንክ ሕሳብካ እዩ ዚንክ።*

*ክረዲት ካርድ*
*ክረዲት ካርድ ልክዕ ከም ዴቢት ካርድ እዩ ዚዓዪ፣ ኣብዚ ግና ኣብ መወዳእታ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ መኽፈሊ ዕዳ ወረቐት ትቕበል፣ ኰይኑ ግና ንብምሉኡ እቲ ኣብቲ ናይዕዳ ወረቐት ዘሎ መጠን ገንዘብ ብሓንሳእ ክትከፍሎ ትደሊ እንተ ኼንካ ወይ ከኣ ነቲ ገንዘብ ኣብ እተፈላለየ ኽፋላት ክትመቕሎ ትደሊ እንተ ኼንካ ባዕልኻ ኽትውስን ትኽእል ኢኻ። ብእተወሰነ መጠን ክትከፍል እንተ መሪጽካ ወለድ ናብቲ ዝተረፈ ዕዳ ይውሰኽ፣ ከመይሲ ነቲ ገንዘብ ካብ ኩባንያ ክረዲት ካርድ ተለቂሕካዮ ኢኻ(ክረዲት ካርድ ካልእ ቃል ልቓሕ እዩ)። መጠን ወለድኻ ኣብ መንጎ እተፈላለየ ክረዲት ካርድ ቍኑብ ይፈላለ እዩ።*

ወረቐት
ካልእ ክትከፍሎ እትኽእለሉ መገዲ ኸኣ ብወረቐት ሕሳብ እዩ ። ካብቲ ዝዓደግካዮ ሸያጢ ወረቐት ክትቕበል ኢኻ። ሓድሓደ ግዜ ወረቐት ብጶስጣ ብኢ - መይል ወይ ብቐጥታ ናብ ባንክ ኢንተርነት ይለኣኽ እዩ ። ድሕሪኡ ነቲ ዝዓደግካዮ ምስ ተቐበልካዮ ነቲ ወረቐት ትኸፍሎ ። ሕሳብ ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ ።

*Faktura (ፋክቱር)*
*ካልእ ክትከፍሎ እትኽእለሉ መገዲ ኸኣ ብፋክቱራ ሕሳብ እዩ ። ካብቲ ዝዓደግካዮ ሸያጢ ፋክቱራ ወረቐት ይለኣኽልካ። ሓድሓደ ግዜ ፋክቱራ ብፖስጣ ብኢ - መይል ወይ ብቐጥታ ናብ ባንክ ኢንተርነት ይለኣኽ እዩ ። ድሕሪኡ ነቲ ናይ ዝዓደግካዮ ዕዳ መኽፈሊ ምስ ተቐበልካዮ ነቲ ፋክቱራ ትኸፍሎ ። ሕሳብ ዕዳ ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ ።*

*ንኣብነት ንተለቪዥንን ንኢንተርነትን ንክራይ ገዛን ዚኸውን ወጻኢታት ኪጥቀስ ይኽእል እዩ። ካብ ኣጸደ ሕጻናት ኲነ ኻብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ናይ ተሌፎን ወጻኢታት ናይ ኤለክትሪክ ወጻኢታት ከምኡውን ወጻኢታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እቲ ሕሳብ ክንደይ ክትከፍል ከም ዘሎካ ነቲ ገንዘብ ናብ ኣየናይ ቁጽሪ ሕሳብ ክትከፍሎ ኸም ዘሎካ ከምኡውን እቲ ገንዘብ መዓስ ኣታዊ ክኸውን ኸም ዘለዎ ዚገልጽ ሓበሬታታት ይሕዝ ።*

ኣብ ድኳናትን ብኢንተርነትን ብክረዲት ካርድ እውን ክትከፍል ትኽእል ኢኻ። ድሕሪኡ ጸኒሕካ ገንዘብ ትኸፍል ። ድሕሪኡ እቲ ባንክ ካብ ሕሳብካ ብቐጥታ ገንዘብ ኣይስሕብን እዩ ፣ ኣብ መወዳእታ እታ ወርሒ ግና ሕሳብ ዕዳ ይለኣኽልካ እዩ ።

ስዊሽ
ስዊሽ ካብ ናይ ባንክ ሕሳብካ ገንዘብ ናብ ናይ ካልእ ሰብ ሕሳብ ንምልኣኽ ክትጥቀመሉ እትኽእል ሞባይል ኣፕሊኬሽን ኢዩ። ብዙሓት ኩባንያታት ምስ ስዊሽ እውን ምትእስሳር ኣገልግሎት ስለ ዘለወን ስዊሽ ከም ሜላ ገንዘብ መኽፈሊ ኽትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ ። ብመገዲ ስዊሽ ገንዘብ ክትልእኽ እትኽእለሉ ሞባይል ባንክ ኣይዲ የድልየካ ብቐሊሉ ኣገልግሎት ክትረኽበሉ እትኽእለሉ መገዲ ኸኣ ብኢንተርነት ኣቢልካ እዩ ። ኣብኡ ኸኣ ንባንክ ሕሳብካ ምስ ቍጽሪ ሞባይልካ ተተሓሕዞ። ድሕሪኡ ገንዘብ ክትልእኽ ወይ ገንዘብ ክትረክብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ። ምስ ሞባይል ባንክ ኣይዲ ዚተሓሓዝ ክፍሊት ቅድሚ ምፍራምካ ስም እቲ ተቐባሊ ኽትርኢ ኢኻ። ስዊሽ ን24 ሰዓታት ኣገልግሎት ዝህብ እኳ እንተኾነ እቲ ገንዘብ ዝቕበል ሰብ እውን ተጠቃሚ ስዊሽ ክኸውን ኣለዎ እንተድኣ ክሰርሕ ኮይኑ።

*ብዘይ ገለ ርክብ ካርድ ዝግበር ክፍሊት*

ዳርጋ ኹሉ ሽወደናዊ መኽፈሊን ክረዲት ካርድታትን ብዘይ ገለ ርክብ ዚኽፈል ክፍሊት ይድግፍ እዩ ። መብዛሕትኡ ግዜ "ብሊፓ" ተባሂሉ ዚጽዋዕ ነገር። ብዘይ ገለ ርክብ እትኸፍሎ ኽፍሊት ካርድካ ምእንቲ ኽትዕድግ ኣብ ተርሚናል ካርድ ጥራይ ኣጸጊዕካ ኢኻ ኽትሕዞ ዘሎካ። ስለዚ ነቲ ክፍሊት ንምክያድ ንምርግጋጽን ኣብ ተርሚናል ካርድ ነታ ካርድ ኣእቲኻ ኮድ ፒን ክትኣቱ ኣየድልየካን እዩ። እታ "ብሊፓ " እትብሃል ኣገልግሎት ዜተኣማምንን ተዓጻጻፍን ስለ ኮይኑ ክሳዕ 400 ክራውን ክትከፍል ትኽእል ኢኻ። እቲ መጠን እንተ ደኣ ካብኡ ንላዕሊ ኮይኑ እውን "ብሊፓ" ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ፣ ድሕሪኡ ግና ናብ ኮድ ፒንካ ኽትኣቱ ኣሎካ። ሓድሓደ ግዜ ንውሕስነካ ብዚምልከት መጠን ገንዘብካ ብዘየገድስ ናብ ፒንካ ኽትኣቱ ትሕተት ትኽእል ኢኻ።

ኤለክትሮኒካዊ ሳጹን ፖስጣ

ሓደ ህቡብን ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ዲጂታል ፖስጣ ተባሂሉ ይጽዋዕ ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ስሩዕ ናይ ወረቐት ሳጹን ፖስጣኻ እትረኽቦ ብዙሕ ደብዳበታት ዚእክብ ኣገልግሎት እዩ ። ዲጂታላዊ ኣገልግሎት ስለ ዝኾነ ግና ካብ ሳጹን ጶስጣ ንላዕሊ ዝቐለለን ዜተኣማምንን ተወሳኺ ኣገልግሎታት ኣለዎ።

ልዕሊ 140 መንግስታዊ ትካላትን ምምሕዳራትን ናይ ኤለክትሮኒካዊ ሳጹናት ፖስጣ ይጥቀሙ እዮም። ኪቭራ ልዕሊ 20,000 ኩባንያታት ኣገልግሎት ዝህባሉ ዘለዋ ኣብ ሽወደን ካብ ዘለዋ ዲጂታላዊ ሳጹናት ፓስጣ እቲ ዝዓበየ ኢዩ። ብኪቭራ ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ኣገዳሲ ደብዳበታት ትቐበል ፣ ንኣብነት ወረቐት ዕዳ:ሕሳብ ዓመታዊ ግብሪ :ዝርዝር ጡረታ ከምኡውን ጸብጻብ መጠን ዕዳ ክትቅበል ትኽእል ።

ገለ ኣብነታት ካብ መንግስታውያን ትካላት ቤት ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን ቀረጽን ሽወደን: ትካል ማሕበራዊ መድሕን ሽወደን ሲ. ኤስ. ኤን. ከምእውን ቤት ጽሕፈት ዕዮን እዮም።

ካልእ ግብራዊ መዳይ ከኣ ብቐጥታ ኣብ ኪቭራ እተቐበልካዮ ወጻኢታትን ወረቐትን ዕዳን ብቐጥታ ክትከፍል ትኽእል ኢኻ ። እዚ ማለት ድማ ናይ ዕዳ ወረቐት ክትከታተልን ነዊሕ ቍጽርታት ኦ. ሲ. ኣር. ክትኣቱን ኣየድልየካን ኢዩ። ሒደት ምጥዋቕ መሲጉም ጥራይ እዩ ዜድሊ ። ኤለክትሮኒካዊ ሳጹን ፖስጣ ኣገልግሎት ንምርካብ ቀሊልን ሒደት ደቓይቕ ጥራይ ይወስድን ።

ነዚ ኣገልግሎት እዚ www.kivra.se ኣቲኻ ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ ። ኣብ ኪቭራ ሕሳብ ክትፈጥር ከለኻ ቍጽሪ ማሕበራዊ መለለዩ ቍጽሪ :ሞባይልካን: ኢ-መይል ኣድራሻኻን ክትህብ ኣሎካ። እቲ ኤለክትሮኒካዊ ሳጹን ፖስጣ ምስ ቍጽሪ ማሕበራዊ መለለዩኻ እተተሓሓዘ እዩ ፣ ኣብ ኪቭራ ሓድሽ ደብዳበ ኽትቅበል ከለኻ ኸኣ በቲ እትህቦ ሓበሬታ መራኸቢኻ ይሕበረካ እዩ ። ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ኣገልግሎት ብሽወደንኛን ብእንግሊዝኛን ጥራይ እዩ ዚርከብ።

ኪቭራ ብሞባይል ባንክዲ ጌርካ ናይ ኪቭራ ሕሳብ ክትፈጥር ምሕጽንታ የቕርብ ።

ተወሳኺ ሓበሬታ

*ኤለክትሮኒካዊ ማሕፉዳ*

*ቍጽሮም እናወሰኸ ዚኸይድ ዘሎ ሰባት ዝርዝር ካርድታቶም ኣብ ሞባይል ኣፕሊኬሽን ክጽዕንዎ ይመርጹ ኣለዉ ። ልዕሊ ኹሉ ግና ብኢንተርነትን ኣብ ድኳንን ንግዳዊ ልውውጥ ንምግባር ሞባይል ተሌፎን ምጥቃም ቀሊል ስለ ዝኾነ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ተሌፎንካ ኣብ ኢድካ ኣሎካ እዚ ማለት ከኣ ሞሕፉዳኻ ኻብ ቦርሳኻ ወይ ጁባኻ ኽተውጽኦ ኣየድልየካን እዩ። ድሮ ኣብ ኢድካ እንተ ዘይብልካ ብቐሊሉ ኽትረኽቦ ኣብ እትኽእል ቦታ ኽትረኽቦ ትኽእል ኢኻ። መብዛሕትኡ ግዜ ብሞባይል ዚኽፈል ክፍሊት ብኣፕል ፕይ ብጎል ፕይ ወይ ብሳምሱንግ ዋለት እዩ ዚኽፈል ። እዚ ማለት ድማ እቲ ኣፍራዪት እታ ተሌፎን ስርሓት እዩ ዝምርኮስ ።*

*Wearables ( ኣብ ሰውነት ዝኽደን)*

*እቲ እናዓበየ ዚኸይድ ዘሎ ዕዳጋ ዊርኣብልስ(wearables) ተባሂሉ እዩ ዚጽዋዕ። እዚ ብተመሳሳሊ ቴክኒክ ከም ናይ ባንኪ መክፈሊ ካርድን ክረዲት ካርድን ዚርከብ ተክኖሎጂ ኮይኑ ብዘይ ዝኾነ ምርኻብ እዩ ዝሰርሕ። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኹነታት እቲ ተክኖሎጂ ኣብ እተፈላለየ ዓይነት መሳርሒታት እዩ ዝህነጽ: ከም ኣብ ቐለቤት በናጅራ ሰዓት መፍትሕ ከምኡውን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት ብፐሊፓ ክትጥቀምን ክትከፍልን ትኽእል ኢኻ ። ከምዚ ኺበሃል ከሎ በቲ ኣብ ሰውነትካ ተኸዲንካዩ ዘለኻ ብብሊፖ ኣቢልካ ናብቲ ናይ ካርድ ተርሚናል ብምጽጋዕ ክትከፍል ትኽእል ኢኻ ማለት እዩ ።*

*ንሞባይል ዚኸውን ብሉጽ ኣፐሊኬሽን*
*ባንክ ኣይዲ (ዲጂታል መለለዩ መንነት)*
*ስዊሽ (ገንዘብ ብዲጂታልዊ ኣገባብ ምልኣኽ)*
*ኪቭራ (ዲጂታል ሳጹን ፖስጣ)*
*ባንክ*
*1177 ( ክንክን ጥዕና)*
*መዐሸጊ ማካይን*
*ታክሲ*
*ህዝባዊ መጓዓዝያ*
*ኤለክትሮኒካዊ ማሕፉዳ*
*ፉዶራ/ኡበር ኢትስ*

*ጠቓሚ ሓበሬታ ዘለዎ መርበብ ሓበሬታታት*

ቤት ጽሕፈት ኢመግረሽን እቲ ኣብ ሽወደን ፤ ናይቶም ኣብ ሃገር ሽወደን መጺኦም ክቕመጡ ዚደልዩ፤ ንኽበጽሑ ክመጹ ዚደልዩ፤ ካብ ህድናን ስቓይን ኣምሊጦም ዑቕባ ንምርካብ ዝሓቱ ወይ እውን ዜግነት ሃገር ሽወደን ንምቕባል ዚሓቱን ጉዳያት ኩሉ ዚውስን፤ እዚ በዓል መዚ እዩ።
[www.migrationsverket.se](http://www.migrationsverket.se)

Informationsverige(ሓበሬታ ሽወደን)
ብዛዕባ ሕብረተሰብ ሽወደን ዚገልጽ መርበብ ሓበሬታ ብእተፈላለየ ቛንቋታት ። ቀኊጠባዊ ደገፍ ብኸመይ ከም ዚዓዩን ሓለዋ ክንክን ጥዕናን ሽወደን ብኸመይ ከም ዚዓዩን ሓበሬታ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ። ንሲቭላዊ ኣነባብራ ኣንፈት ዚምልከት ጽሑፋት ዝሓዘ ገጻት እውን ኣሎ ፣ ብዘይካዚ ንወለዲ ዝዓለመ ጹሑፋትን ቋንቋ ሽወደን ክትለማመደሉ እትኽእለሉ ጹሑፋት ዝሓዘ ገጻትን ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ። ኣብታ ሃገር ንመጀመርታ ግዜ ምስ ኣየኖት በዓል መዚታት መንግስቲ ከም እትራኸብ እውን ሓበሬታ ኽትረክብ ኢኻ። ካብቲ ዕቑባ ንምርካብ ኣመልኪትካሉ ዘለኻ ግዜ ኣትሒዝካ ኽሳዕ ኣብ ሕብረተሰብ ሽወደን እትሳተፍን እትመሃርን እትሰርሕን ብኸመይ ከም ዚዓዩ ክትከታተል ትኽእል ኢኻ።
[www.informationsverige.se](http://www.informationsverige.se)